ዮሃና ደቂ ኤረ!

ካብ መከራን ረገጻን ዝበዝሖ ትሕቲ ሰብ ዘቍጽር ሰንሰለታዊ መግዛእቲ ንምልቓቕ ናይ 30 ዓመት መሪር ንምዝካሩ ዘሰካሕክሕ ቃልሲ ተኻይዱ በቲ ምቁር ናጽነት ዘስዓበ ዓወት ካብ ዝዛዘም እነሆ 20 (ዕስራ) ዓመት ኣቚጺሩ። እዚ'ውን ብዘይ ፈተና ኣይነበረን፡

መጀመርያ ዝዓነወት ሃገር ናይ ምህናጽ እሞ ድማ ኣጀኻ ዝብል ዘይብልካ ብነጠብጣብ ረሃጽካ ሃኒጽካያ፣

ስዒቡ ብጐረባብቲ ዝተበገሰ ምትንኳላት--ሱዳንን የመንን መኪትካ፣

ሳልሳይ፡ እታ ንቀጻሊ ምሕዝነትስ ምትሕብባርን ዝያዳ ንተኣማመነላ ዝነበርና ጐረቤትና ኢትዮጵያ ተላኢኻን ተተባቢዓን ዝወላዓቶ "ናይ ዶብ" ኲናት መኪትካን መጉትካን ረቲዕካን፣

ኣብ መወዳእታ ድማ ህዝቢ ከይቀስን ተባሂሉ ብሕንጢት ጅቡቲ ዝተበገሰ ምትኹታኹ ኣቕሂምካዮ።

እተን ናይ መጀመርታ ክልተ ብምርድዳእ ክዕጸዋ ከሎዋ
እተን ናይ መወዳእታ ክልተ ግን ብድሕሪት ደፋኢ ኣካል ስለ ዘሎ ከይጠፍኣ ጊዜ ይዕድጋ ኣሎዋ።
ይኹን እምበር ህዝቢ ኤርትራ
"እቶም ኣኽላባት ይነብሑ እቲ ገመል ግን ጕዕዞኡ ይቕጽል" ከም ዝተባህለ
"ዓለም ሌፍ ትበል፡ ትራገጽ፣ ትግዓር ዳግመ ህንጸትና ብዝኾነ ምጒብዕባዓት ኣይዕገትን"
ብዝብል ኒሕ መበል 20 ዓመት በዓል ናጽነቱ ብርእሰ ምትእምማን በዓሉ የኽብር ኣሎ።
ኣብ ወጻኢ ዘሎና ድማ ዕድል ኣብ ዝተረኽበሉ ቲቪ ኤረ ብምርኣይ ናይቲ ዘቅንእ ውራይ ተሳተፍቲ ኢና።
ዮሃና፡ ዮሃና፡ ዮሃና::

ናእሽቱና ተመሃሩ፡ ኣጉባዝና ተመሃሩን ተመራመሩን ሰርሑን፡ ክብሪ ናይዛ ትርከቡዋ ውቅብቲ ሃገር ሓልዉ፣

ንወረን ጸይቂ ዕላልን ናይቶም ከጋግዩኹም ዝህቅኑ ነቒሕኩም ኣስተብህሉሉን ረሓቑሉን፣

ሕድሪን ለበዋን ናይቶም ነዛ ብርሃን'ዚኣ ገዲፎምልና ዝሓለፉ ሰማእታት ኣብ ርእሲኹም እዩ'ሞ፡

ወደሓንኩም።

ሰሎሞን ካብ ስያትል